
# ተዘክሮታት ሓመድ-ደበ ግንባር ናደው




ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

እዚ መጽሓፍ'ዚ 188 ገጽ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ 2013 ኣብ ኣስመራ ብቤት ማሕተም "ሕድሪ" ተሓቲሙ ዝወጸ እዩ። ብብርክት ዝበሉ ጽሓፍቲ ዝተዳለወ ብዛዕባ ተዘክሮታት ምፍራስ ግንባር ሓይልታት መግዛቲ ኢትዮጵያ ኣብ ናቕፋን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ኣብ 19 መጋቢት 1988 ይገልጽ። እዚ ኩናት'ዚ ምብቃዕ ናይ'ቲ ንሓደ ዕቊድ ምሉእ (1978-1988) ዝቀጸለ መድረኽ ምርብራብን ንመግዛእታዊ ህላወ ኢትዮጵያ ካብ ሱሩ ንምብንቃስ ምስግጋር ናብ ደምሳሲ መጥቃዕቲን ዘበሰረ ብምዃኑ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዓቢ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ስነ-ኣእምራውን ነጥበ መቐይሮ'ዩ ነይሩ። መላእ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ቅድሚ ምብሳሩ ኣብ ዝቀጸለ ሰለስተ ዓመታት ከኣ ከተማታት ኤርትራ ሓንቲ ድሕሪ ሓንቲ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግንባር ወዲቀን። እዚ ታሪኻዊ ዓወት'ዚ ንፍርቂ ክፍለ-ዘመን (1941-1991) መሪር ፖለቲካውን ዘይክማህ ወተሃደራውን ቃልሲ ድሕሪ ምኽያዱ ዝመጸ እዩ።

እቲ መጽሓፍ ብዛዕባ ምፍራስ ናይ ኢትዮጵያ "ግንባር ናደው እዝ" ዘተኮረብርክት ዝበሉ ታሪኻዊ ወተሃደራዊ መድረኻት ይገልጽ። ሕጂ ግን ኣብ'ቲ ሰለሙን በርሀ ዘቕረቦ ንመስርሕ ታሪኻዊ ኲናት ኣፍዓበት ዘብርህ ጽሑፍ ጥራሕ ክነተኩር ኢና። "ቅድሚ ክልተ ወርሒ ናይ'ዚ ዓቢ ስርሒት'ዚ ኣዛዚ ግንባር ናደው እዝ ብርጋዴር ጀነራል ታሪኩ ያይነህ ናብ ኣዛዚ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሜጀር ጀነራል ረጋሳ ጅማ ኣብ ዝለኣኾ ደብዳብ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግንባር ናቕፋ ጽዑቕ ስለያዊ ሓበሬታ ይእክብ ከምዘሎ፡ እዚ ድማ

ኣብ’ቲ ግንባር መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ክፍኑ ዘመልከት ምኽኑ ሓቢሩ። ብርጋዴር ጀነራል ታሪኩ ኣብ መልእኽቱ፡ እተን ነቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ድሕሪ መስመር ከበሳ ኤርትራ ዘካይዶ ዝነበረ ስርሒታት ንምፍሻል ዝተሳሕባ ክልተ ክፍላተ ሰራዊት 15ን 22ን ብህጹጽ ናብ ናቕፋ ክምለሳ ሓቲቱ። እንተኾነ ግን ጀነራል ጅማ ነቲ ዝቀረበሉ ጠለብ ግዲ ከይገበረ፡ ብዘሎና ሓበሬታን ገምጋምን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ናቕፋ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከካይድ ስለዘይኮነ፡ እተን ክልተ ክፍላተ ሰራዊት ነዚ ዘሎ ሓደጋታት ንምምካት ንግዚኡ ኣብ ከበሳ ክጸንሓ’የን፡ ዝኾነ ኮይኑ ግን ልዑል ጥንቃቐ ክትገብሩ ኣሎኩም” ክብል መሊሱ። መራሕቲ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ህዝባዊ ግንባር ናይ ግንባር ናቕፋ ድፋዓቱ ኣብ ምድልዳል ጥራሕ’ዩ ዘሎ፡ ናይ ምጥቃዕ ሓሳብ የብሉን፡ ክብሉ ዝደረኾም ቀንዲ ምኽንያት ካብ ህዝባዊ ሰራዊት ልዕሊ ሽዱሽተ ብርጌዳት ካብ ግንባር ናቕፋ ተሳሒበን ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ስለዝተላእካ እዩ። ከምኡውን ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ’ቲ ኣብ ታሕሳስ 1987 ብዝተወሰነ መጥቃዕቲ ዝተቆጻጸሮ ከባቢታት ድፋዓት ይሃንጽ ስለዝነበረ።



ናይ’ቲ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ሰዓት ምስ ኣኸለ ግን ኩለን ተሳተፍቲ ኣሃዱታት ነቲ ስርሒት ንምዕዋት ኣብ ዝተመደበለን ቦታታት ነቂለን። ንሳተን ከኣ ክፍላተ ሰራዊት 85፡ 61፡ 16፡ 70፡ 52፡ መካናይዝድ 74፡ ከምኡ ኸኣ ዝተፈላለያ ውሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታት ስለያ፡ ሃንደሳ፡ሎጂስቲክ፡ ኣገልግሎት ሕክምናን ወዘተ ነይሮም። ነዚ ስርሒት’ዚ ንምትግባር ዝተሳተፈ ዓቕሚ-ሰብ ህዝባዊ ግንባር 10,400 ይበጽሕ ነይሩ።

ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝነበረ ዓቕሚ ጸላኢ ግን በቲ ናይ ታሕሳስ 1987 መጥቃዕቲ ዝሞቱን ዝቆሰሉን 4700 ወተሃደራት ስለዝኸሰረ ናብ 17,500 ዓቕሚ ሰብ ወሪዱ ነይሩ። ነቲ ኣብ እዋን ውግእ ብሂልኮፕተራት ኣብ ከተማ ኣፍዓበት

ዝወረደ ክልተ ቦጦሎኒታት ናይ ክፍለ-ሰራዊት 15 ተደራቢ ዓቕሚ እንተ ድኣ ወሲኽናሉ ከኣ ኣብ'ቲ ኲናት ዝተሳተፈ ዓቕሚ ጸላኢ 18,000 ይበጽሕ ነይሩ። እዚ ግንባር'ዚ ኣብ ነንሓድሕዱ ዝተኣሳሰረ 164 ኪሎ ሜተር ዝበጽሕ ድልዱል ዕርዲታት ዝቆመ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ሰንሰለታዊ ዕርዲ'ዚ ዘሎ ዕምቆት ናይ'ቲ ግንባር 70 ኪሎ ሜተር ኮይኑ፡ ስፍሓቱ 12 ሽሕ ኪሎ ሜተር ትርብዒት ይበጽሕ። ውጥን ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንኩሉ'ቲ ኣብ'ቲ ግንባር ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ብሽዱሽተ መኣዝናት ምድምሳስ ዘጠቓልል እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብ ሽዱሽተ መኣዝናት ተመዲቦም።

## ተልእኾ 1ይ መኣዝን መጥቃዕቲ

ብጸጋማይ ክንፊ ናይ'ቲ ግንባር፡ ካብ መሸታይ ከባቢ ቃምጨዋይ ጀሚሩ ንማዕሚደ ሒዙ ክሳብ ምዕጥር ብምዝርጋሕ ንምብራቓዊ ጎላጉል ዝቆጻጸር ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ብምጥቃዕ፡ ማዕሚደ ተቆጻጺርካ ናብ ከተማ ኣፍዓበት ምግስጋስ።

## ተልእኾ 2ይ መኣዝን መጥቃዕቲ

ኣብ መንገዲ ኢትሓልበብን ክርፍን ካብ ዘሎ ዓሞቑቲ ስንጭሮታት ነቒልካ፡ ጸልማት ጐልባብ ተጠቒምካ፡ ብመንገዲ ዕርድታት ጸላኢ ብምስላኹ ናብ ሩባ ጉድ ምእታው። ካብኡ ንየማን ተዓጺፍካ፡ ናብ እምባታት ሮሬት ምድያብ። ካብ'ዚ እቲ ገለ ክፋል ሰራዊት ኣንፈቱ ንሰሜን ገይሩ፡ ኣብ ብራኸታት 1419፡ 1467 ዓሪዱ ዝነበረ ጸላኢ ብድሕሪት ምጥቃዕ። ገለ ክፋል ድማ ኣንፈቱ ንደቡብ ናብ ሓራስ ሓርማዝ ብምቕናዕ ኣብ ጎቦ ሓርጠጠት ዝነበረ ጸላኢ ምጥቃዕ። በዚ ድማ ነቲኣብ ጎቦታት ሮሬትን ሩባ ሕዳይን ዓሪዱ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ምድምሳስ።

## ተልእኾ 3ይ መኣዝን መጥቃዕቲ

ካብ ኣርሃጸት ክሳብ ስንጭሮ ጠልቀሳን ኣብ ዝርከብ እስትራተጂያዊ ታባታት ዝዓረደ ሰራዊት ጸላኢ ምጥቃዕ።

## ተልእኾ 4ይ መኣዝን መጥቃዕቲ

ካብ ከባቢ ሸገ ነቒልካ ብመንገዲ ኣንደብ ሓሊፍካ ነቲ ኣብ ሓሳይድ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ብድሕሪት ምጥቃዕ። ካብኡ ናብ'ቲ ብወገን ምዕራብ ዝርከብ እስትራተጂያዊ ጎቦታት ምግስጋስ። ካብኡ ነቲ ኣብ ገብገብን ግሎብን ሽኽናብን ዝርከብ ጸላኢ ብምጥቃዕ ካብ ሃብሮ ዝመጽእ ረዳት ምዕጋት።

**ተልእኾ 5ይ መኣዝን መጥቃዕቲ**

“ናደው እዝ” ንምድምሳስ ብግንባር መጥቃዕቲ ኣብ ዝተፈነወሉ ሰዓት፡ ኣብ መስመር ኣፍዓበት ከረን ሰሊኹካ ብምእታው፡ ካብ ከረን ኣስታት 30 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ዝርከብ ስትራተጂያዊ መሓንቖ ሰንሰለታዊ ጎቦታት መስሓሊት ተቖጻጺርካ ንናደው እዝ ክወጻኣሉ ኣብ ዘይክእል ከበባ ምእታውን ካብ ከረን ረዳት ከይመጾ ምዕጋትን።



**ተልእኾ 6ይ መኣዝን መጥቃዕቲ**

ኣብ ምብራቕ ኣፍዓበት ኣብ ከባቢታት ኣዝሃራን ጋድም ሓሊብን ዝነበረ ዕርድታት ጸላኢ ምጥቃዕ። ምስቲ ብወገን ፊልከት ዝመጸ ናይ ወገን ሓይሊ ተኣሳሲርካ ናብ ከተማ ኣፍዓበት ምእታው። እቲ ኩናት ካብ 17 ክሳብ 19 መጋቢት 1988 ተኻይዱ። ኣብ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዝ፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል ኩናት ዝተኻየደሉ ከባቢታት ቐጣሪትን ቃምጩዋን ነይሩ። እቲ ካብ እስትራተጂያዊ ጎቦታት ተጸፊዑ ዝወረደ ሓይሊ ጸላኢ ኣብዚ ከባቢታት'ዚ እዩ ተኣኻኺቡ። መራሕቲ ሰራዊት ጸላኢ ንድሕሪ መስመሮም ክከላኸልሉ ከም ዘይክእሉ ስለዝተረድኡ ኽኣ ከበድቲ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ መካይንን ናብ ኣፍዓበት ክስሕብ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም። ነዚ ትእዛዝ'ዚ ንምትግባር ከኣ ካብ70 ክሳብ 80 ዝበጽሓ ታንኪታትን ተሽከርከርቲን ብቀትሩ ናብ ኣፍዓበት ተበጊሰን። እንተኾነ ኣብ ከባቢ ሰዓት 3.30 ድሕሪ ቀትሪ ብዓቀብ ዓሸሩም ተተቲዐን እናወጻ ኣብ ዒላማ'ተን ካብ ስንጭሮ ሕዳይ ዝመጸ ታንኪታት ብርጌድ 34 ኣትየን። ካብ ርሑቕ ናይ ወገን ታንኪ ብዝተኹሰቶ ቦምባ

ድማ ኣብ ክሳድ ዓሸሩም በጺሓ ዝነበረት ቢ፡ ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬት ዝጸዓነት መኪና ተቃጸለት። ብካልኣይቲ ቦምባ ከኣ፡ ሓንቲ ኣብ ማእከል ዓቐብ ዝነበረት ታንኪ ተቃጸለት። በዚ ድማ ታንኪታትን ተሽከርከርቲን ጸላኢ ክሓልፋ ከምዘይክእላ ምስ ተረጋገጸ፡ ነቲ ኩናት ዝመርሕ ዝነበረ ኣዛዚ ካልኣይ ኣብዮታዊ

***ሰራዊት ኢትዮጵያ ሜጀር ጀነራል ውበቱ ጻጋየ እቲ ዝተዓግተ ንብረትን ኣጽዋርን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ግንባር ከይውዕል ምእንቲ ነፈርቲ ከቃጽልኦ ትእዛዝ ሃበ። በዚ ኸኣ ብ19 መጋቢት 1988 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከባቢ ግዝግዛ ብዝተኻየደ ናይ መጨረሽታ ግጥም ስርሒት ናደው እዝ ተዛዘመ። ከምቲ ሓደ ካብ ኣዘዝቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ ዝተዛረቦ ኸኣ ሓመድ ድብ ናደው እዝ ምሉእ ብምሉእ ተፈጺሙ። በዚ መዳይ'ዚ ክጥቐስ ዘለዎ፡ ምድምሳስ ግንባር ናቕፋን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ዝተፈላለየ ከበድቲ ኣጽዋር ካብ ጸላኢ ምምንዛዕን፡ ንምሕራር መላእ ሃገራዊ መሬት ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣፍ-ደገ ከፊቱ እዩ። ኣብ መጨረሽታ ከዘኻኽሮ ዝደሊ፡ ታሪኻዊ ኲናት ኣፍዓበት ኣብ ታሪኽ ሰውራን መንግስቲን ኤርትራን ናይ መጀመርታ ወይ ናይ መጨረሽታኣይኮነን።***



***ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ሰውራውያን ኤርትራውያን ንዓንዲ ሕቘ መግዛእታዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ስዒሮም እዮም። እዚ ድሙቕ ኤርትራዊ ዓወትን ዘሕፍር ወተሃደራዊ ስዕረት ኢትዮጵያን ንመሰረት መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብምንቅናቕ ናብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ደርቢዩዎ። ተመሳሳሊ ሲናርዮ ምስ መግዛእታዊ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ'ውን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ መጨረሽታ ሰማንያታትን መጀመርታ ተስዓታትን ተደጊሙ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ነቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝዓበየ ሰራዊትን ካብ ሕብረት ሶቬት ነበርን ምብራቕ ጀርመን ነበርን ደቡብ የመን ነበርን ሊብያን ኲሉ ዓይነት ወተሃደራውን ሎጂስቲካውን ገንዘብን ሓገዝ ዝረኸበ፡ ኣብ መጨረሽታ 20 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ ናይ'ዚ ዘሎናዮ ክፍለ ዘመንን ብምዕራባውያንን ምብራቓውያንን ሃገራት ዝሕገዝ መግዛእታዊ ውጥናት ኢትዮጵያን ንሃገራዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቅያር ኣብ ዘካየዶ ፈተነታት'ውን ንሳልሳይ ግዜ እቲ ሲናርዮ ተደጊሙ እዩ። ስለዚ ኸኣ***

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ'ቲ ሓያል ረስኒን ሙቐትን ዛሕልን ዝነበሮ ሜዳ መኸተ፡ ንክልተ ዕቑዳት ምሉእ (1998-2018) ብዘርኣይዎ ጅግንነታዊ መኸተን ሓጺናዊ ጽንዓትን ዘይክማህ ድሌትን ተዓዊቶም።

ከም ዝፍለጥ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብሰንኪ መሪሕነቱ ናይ ሰብኣዊ ማዕበል እስትራተጂ ፖሊሲ ብምኽታሉ ዓቢ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት'ዩ ወሪዱዎ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ናብ ከተማ መቐለ ቅድሚ ምጥቕላሉ፡ ካብ ፖለቲካዊ መድረኽ ኣዲስ ኣበባ ተገሊፉ። ኣብ ውሽጢ ስርዓት ወያነ ውሽጣዊ ግርጭታት ወሊዑ። ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ከኣ ኣብ ክልል ትግራይ ካብ 1991 ክሳብ ሕጂ፡ ፖለቲካዊ ህውከትን ሓደጋታትን እናፈጠረ ንንጹህ ህዝቢ ትግራይ መከራ የስንቖ ኣሎ።

እዚ ታሪኻዊ ትንታነ'ዚ ካብ'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብርሃጽን ደምን ዝተመዝገበ ድሙቕ ታሪኻዊ ሓቒታት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እዩ። ነዚ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ሓቒ ንምሽፋን ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ብተደጋጋሚ ዝገብርዎ ከንቱ ናይ ሓሶት ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምድንጋራት ንምቕላዕ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተፈጸመ ወሳኒ ታሪኻውን ፖለቲካውን ፍጻመታት ቅኑዕ ኣንፈቱ ብምትሓዝ ምብርሁ ኣገዳሲ እዩ። በዚ ይኹን በቲ ታሪኽ እንተ ተደግመ'ውን ዘገርም ኣይኮነን። ምኽንያቱካብ ታሪኽ ዘይምሃሩ ዕድሎም ከምኡ ስለዝኾነ።